# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.207 | ሰንበት 28 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ምግምጋም - ሓደካብ ውጽኢታዊ ባህሪ ተመሃራይ (II)

ገጽ 3 — ናትካ ትርጉም ኣብ ህይወት. . .?



ገጽ 4 — ተበግሶ



ገጽ 5 — ምልክታ

ገጽ 11 — "ብኻ ሓንቲ ዓመት ተቐዳዲመ"





## መደባት መበል 33 ዓመት ቅነ ናጽነት ይጅምር




ሰኣላይ - ኣብርሃም በየነ



መደባት መበል 33 ዓመት ቅነ ናጽነት፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኽተ" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 27 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባቲር፡ ማስከረም ብዘቕረበ፡ ናብ ቈልዑ ዝቐንዐ ባህላዊ ምርኢት ማለት 'ኮንሰርት' ተጀሚሩ።

እዚ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 5ይ ክፍሊ ዝርከቡ ቈልዑ ዝተሳተፍዎ መደብ፡ እንዳ ኣዘናግዐ ዝምህር መሰናድኦታት ከም ኮሜዲ፡ ጽወጽዋይ፡ መዝሙር፡ ትልሂትን ምርኢት 'ፓፔት'ን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ካብ ሰዓት 3፡30 ድሕረቐትሪ ንክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ መደብ፡ ኮሜድያን የናስ ምሕረትኣብ (ማይናስ) ምስ ጉጅለኡ ዘቕረቦ ስሑብቦዊ መደባት፡ ነቲ መደብ ዝያዳ ድምቀት ሂብዎ።

ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ ወልደሰላሴ ዑቕባዝጊ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓብሬታ፡ እቲ 'ኮንሰርት' ኣካል ናይ'ቲ ንደምቀት ጽንብል መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ተዳልዩ ዘሎ ኣርባዕተ ኮንሰርትታት ከምዝኾነ ገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ 7 ግንቦት ካብ 6ይ ክፍሊ ክሳብ ኮሌጃት ንዝርከቡ ተመሃሮ፣ 11 ግንቦት ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ 17 ግንቦት ድማ ንበርቲ 13 ምምሕዳራት ንኡስ ዞባታት ኣስመራ ዝቐርብ 'ኮንሰርትታት' ከህሉ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ ካብ 8 ክሳብ 20 ግንቦት፣ ኮማዊ ዳሳት ብደረጃ ንኡስ ዞባታት ድማ ካብ 20 ክሳብ 23 ግንቦት ክካየድ እዩ።

## ጋሽ-ባርካ - ኣብ ምኽባር መሰላት ደቂኣንስትዮን ቈልዑን ዘተኰረ ዘተ ተኻይዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብ22 ሚያዝያ ኣብ ኣቑርደት፡ ኣብ ምኽባር ማሰላት ደቂኣንስትዮን ቈልዑን ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታትን ዘተኰረ ዘተ ወዲቡ።

ግዝያዊ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ተስፉጉብርኤል ጉብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላማ ሳዕቤናት ድሕሪ ልምድታት ንምውጋድ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ንቕሓት ንምግምጋም፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 84 ሽሕ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ መኣድታት ዘተ ከምእተኻየደ ገሊጹ።

ካብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ጋሽ-ባርካ ዝመጹ ወከልቲ ኮሚተ ምርግጋጽ ማሰላት ደቂኣንስትዮን ቈልዑን ድማ፡ ቡቡብቲኦም ንዝተኻየደ ንሰጓሳትን ውጽኢቱን ከምኡ'ውን ዝነበረ ብድሆታትን ብልጫታትን ዘምልከት መብርሂ ሂቦም።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣኸባብርትን ክዓዝዝ፣ ብፍላይ ድማ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ምውጋድ ጎዳኢ ልምድታት ኣበርክቶኦም ክዕዘዝ፣ ኣብ ልዕሊ ፈጸምቲ ዝውሰድ ስጉምቲ ድማ ኣራሚ ክኸውን ተላቢዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምርግጋጽ ማሰላት ደቂኣንስትዮን ቈልዑን ኣዐብራቒ ንቕሓት ሕብረተሰብ ስለዝኾኑ፡ ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ብምዕቃብ ናብ'ቲ ዝድለ ሸቶ ንምብጻሕ፡ ክሳብ ምምሕዳራት ከበቢን ዓድታትን ዝወርድ ኮም ዝሰረቱ ተሳትፎ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

## ዓዲ-ቐይሕ - ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ ንተመሃሮ ኮሌጅ ሰሚናር ሂቡ





ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ቀላቲ፡ ንተመሃሮን መማህራንን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን - ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ተራ ምህር መንእሰይ ኣብ ምምዕባል ጸጋት ባሕሪ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ብ24 ሚያዝያ ንልዕሊ 500 ኣባላት ማሕበረሰብ እቲ ኮሌጅ ዝተዋህበ ሰሚናር፡ ሚኒስተር ተወልደ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ሌላ ቀይሕ ባሕርን ኣገዳስነቱን፣ ታሪኻዊ ምዕባለ ጸላት ሃብቲ ባሕሪ ኤርትራ፣ ምምስራት ባሕርያን ንጥፈታቱን፣ ዕላማታትን ተልእኾን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፣ ሃገራዊ ሸቶታት ጸጋት ባሕሪ፣ ዕቃበን ዘላቒ ኣጠቓቕማን ጸጋታት ባሕሪ፣ ዕቑር ትሕዝቶ ጸጋታት ባሕሪ ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልምዓታዊ ወፍርታት ጸላት ሃብቲ ባሕርን ቱሪዝማዊ ኣገዳስነት ቀይሕ ባሕርን ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣዚ ጸላት'ዚ ዝምልከት ሕጋጋትን መምርሒታትን እናኣውጽአ ቅርዑይ ምሕደራን ንመጻኢ ወለዶታት ኣብ ግምት ዘእተወን ዘላቕነት ዘለዎን ጥንቁቕ ኣጠቓቕማን ንኽህሉ ክሰርሕ ምጽንሑ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ተወልደ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ተራ ብቑዕ ትምህርቲ ዝቐሰመ መንእሰይ ወሳኒ ምኻኑ ኣገንዚቡ።

ተራ ኮሌጃት ኣብ ጉዕዞ ምርግጋጽ ቁጠባዊ ሓርነት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምሕባር ከኣ፡ ጸጋታት ባሕርና ብዝምርምሩ ኣብ ሬቡላ ህዝብና ክውዕል - ኪኖ ምስልጣን ዓቕሚ-ሰብ፡ ግብራዊ ተሳትፎ ክህልወን ተላብዩ።

ዲን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ብወገኑ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ጸጋታት ሃብቲ ባሕርም ብዓገቡ ክፈልጡን ክዕዘቡን እንክለዉ - ፍልጠቶም ዝያዳ ስለዝዕምቑ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብኣትኩሮ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ምግምጋም - ሓደ ካብ ውጽኢታዊ ባህሪ ተመሃራይ (II)

ዝሓለፈ ሰሙን፤ “ስሩዕ ምኽን ሓደ ካብ ባህርያት ንፉዓት ተመሃሮ” ምኳኑ ኣብ ዘርኢ ኣርእስቲ፡ ትምህርቲ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ርኽበታ ሰብ ምኳኑ፣ ሓደ ሰብ ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ካብ ከባቢኡ ብዙሕ ከም ዝመሃር፣ ዕድመኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ኸኣ ብብደረጅኡ ብብዓቕሙ ትምህርቲ ከም ዝወሃቦ፣ ክዅትት እንክሎ ኸኣ ትምህርቲ ንረብሕኡ ከም ዝመሃሮ ከም ዝርዳእ፣ መወዳእታኡ'ውን ንተፈጥሮ ብሓፈሻኡ፡ ንነብሱን ከባቢኡን ብግቡእ ተረዲኡ ህይወቱ ብዝቐለለ ንኽመርሕ ከም ዝመሃር ተጠቒሱ። ተመሃሮ ንግዜኦም ብስሩዕ ክጥቀምሉዎም ዘኽእሉ ነጥብታት ምስ'ናይ መፈተኒ ሰደቓታት ቀሪቡ። ኣብ መወዳእታኡ፡ ዘበዝሐ ግዜና ሰሙናዊ ኣበይ ከም እነጥፍኦ ክንርኢ ፈቲንና።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ኸኣ ግዜኻ ዝበልዓልካ ልምዲ ምስ ኣለለኻ፡ እቲ ኣብ ዘየድልየካ ዝጠፍእ ዝነበረ ግዜ ብኸመይ ናብ ረብሓ ተውዕሎ ክንርኢ ኢና።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝቐረበ ሰደቓ ከም ዝረኣናዮ፡ ኣብ ሰሙን ዘለዋ ሰዓታት እንታይ እንታይ ከም እንገብረለን ፈሊናዮ ነይርና። ድሕሪኡ እቲ ንጥፈታት ኣብ ሰለስተ ኣንጻራዊ ተነጻጸርነት ዘሎዎም ሰደቓታት መቒልናዮም። 1. ዘገድሱን ዘየገድሱን፣ 2. ዝጠቕሙን ዘይጠቕሙን፣ 3. ኣፍራዪን ዘይኣፍራዪን ብምባል ኣብ ሰለስተ መቒልናዮም። በቲ ኣገባብ እተመልአ ሰደቓ ኣብ ሰሙን ንዝርከባ ሓደ ሚእትን ሱሳን ሸሞንተን ሰዓታት ኣበይን ብኸመይን ከም እነውዕለን ኣነጺርና ክንርኢ ንኽእል። ሕማምካ ከይፈለጥካ ፈውሲኻ ክትረክብ ኣይከኣልን እዩ። ከምቲ ዝረኣናዮ፡ ኣካውና ግዜና መቓቒልና ክንርድኦ ምኽኣልና እምብኣር ፈውሲና ክንረክብ ክሕግዘና እዩ። እሞ ብኸመይ ኢና ግዜና ንዕቅብን ናብ ረብሓና ነውዕሎን?

ቀዳማይ፤ ኣብቲ ሰሙናዊ ዝጠፍአ ዝነበረ ግዜ፡ “ብዙሕ ግዜ'የ ዘባኽን ነይረ፡” ኢልና ጥራይ ክንሓልፎ ዘይኮነ፡ “ኣበይ? መዓስ? ስለምንታይ'የ ግዜይ ዘጥፍእ



ነይረ?” ብምባል ኣጣፍኣ ግዜና ብዕሙቑ ዘበለ ክንፈልጦ የድሊ። ግዜና ኣብ ምንታይ ነጥፍኦ ከም ዘለና ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ኣገባብ ኣፈታትሻ ክትርዳእ ንኽእል ኢና። መዓስን ኣብ ከመይ ኩነታት እንከለና ኢና ኣብቲ ዘየረብሕ'ዩ ዝብሃል ንጥፈታት ግዜና ተጥፍኦ ነይርና ኸኣ ምፍላጡ የድሊ። እቶም ንረብሓና ዘውዕሉ ወይ ኣብ ቍምነገር እነጥፍኦ ግዜ ከም እወታዊ ሓሲብና ንግዜኡ ነዕርፎ። ድሕሪኡ ‘ስለምንታይ’ ዝብል ሕቶ ክንምልሶ ንፈትን። ንዅሉ መመኽነይታ ክህሉዎ ግድን'ዩ። ኣብ ኵሉ ተመሳሳሊ ጠንቂ ኣሎዎዶ የብሉን ነለሊ።

ካልኣይ፤ ምውሳንን ውሳነኻ ምስዓብን። ግዜና ብኸንቱ ዘጥፍኣልና ዘሎ ምኽንያት ምስ ፈለጥና፡ እሞ ኸኣ ከነወግዶ ከም ዘለና እንተ ተረዲእና፡ ኣጸምው ኣቢልና ምስ ነብስና ወይ ዳየሪና ምውጋዕ የድልየና። ምስ ነብሲና ምልዛብ ስምዒታዊ ውሳነታት ካብ ምውሳድ ስለ ዘድሕን፡ ውሳነና ብግብሪ ንኸነሰንዮ ሓጋዚ እዩ። ድሕሪ ምውሳንና ነቲ ከነወግዶ ዝወሰንናሉ ነቓንየሉ ምኽንያት ስለ ዘየለ ንእለቱ ደው ነብሎ።

ሳልሳይ፤ ጎቦ ኣብ ሓደ መዓልቲ ከም ዘይፈርስ ንዘክር። እቶም ግዜና ዘባኽኑልና ዘለው ንጥፈታት ብዙሕ ግዜ ንደጋግሞም ዝነበርናን ካብ ሓደ ንላዕልን ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ንዅሉ ብሓደ ግዜ ከነወግዶ ክንፍትን ንኽእል ኢና። ዘይከኣል ነገር ስለ ዘየለ፣ ወይ'ውን ሰብ ብተፈጥሮኡ ንዅሉ ዝኽእል ስለ ዝኾነ፡ እንተ ኸኣልናዮ መዓረ። እንተ ዘይኩነ ግን ከም ኣባልዓ ሓምሳ ሓደ ድሕሪ ሓደ ከነወግዶም ይክኣል።

ነዚ ንምግባር፡ ኣብ ዳየሪና ወይ ኣጀንዳና ሓደ ብሓደ ንዅሎም ንጽሓፎም። ኣየናይ'ዩ ዝበዝሐ ዘምክን? ብምባል ብቐደም-ተኸተል ንመዝግቦም። በቲ ዝበዝሐ ግዜ ዘጥፍኣልና ክንጅምር እንተ ኸኢልና ግርም፡ በቲ ዝወሓደ እንተ ጀሚርና'ውን ጸገም የብሉን። ግዳ ክሳዕ መዓስ ከም እነወግዶም ዘርኢ ናይ ግዜ መቓን (ታይም ቴብል) ንስራዕ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝመደብናዮ ግዜ ድማ ነወግዶም።

ሳልሳይ፤ ጥንቁቕን ቅኑዕን ምኳን። እቲ ከነተግብሮ ነቒልና ዘለና ለውጢ፡ ንረብሓ ገዛእ ርእስና እዩ። ከምኡ ምግባርና ንሕና ጥራይ ኢና ንረብሕ። ካብ ምልዋጥ ብምብኳርና ዝመጽእ ሳዕቤን እንተ'ሎ'ውን ብተመሳሳሊ ንገዛእ ርእስና እዩ። ባዕልኻ ንባዕልኻ እትገብሮ'ዩ። ሓንቲ ዕላል ወስ ክብለኩም፤ ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ኣብ ጉደና ሓርነት እተዓዘብናዮ እዩ። ሓደ መንእሰይ ኣብ ሞተር ሳይክል ተወጢሑ ብማእከል ከተማ ይሕንበብ ነበረ። እቲ መንእሰይ ብዘይ ካስኮ (መከላኻሊ ርእሲ ቆቢዕ) ሞተር ሳይክል ስለ ዘሐንበበ ፖሊስ ትራፊክ ደው ኣበሎ። “ስለምንታይ ካስኮ ዘትመልስ? እንታይ ገደሰካ ኣይንድሕነት ህይወትካ እንድዩ፡ ” ብምባል ክምዕዶ ፈተነ። ወዮ መንእሰይ ከኣ “እሞ ንዓይ እንተ ኹይኑ ደኣ እንታይ ኣሸገረካ፡” ብምባል መለሰ። መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ እንድዩ፤ እቲ ህይወትካ ምልዋጥ ንናትካ ጥቕሚ ምኳኑ ዝነግር ዘሎ ጽሑፍ ምስ ኣንበበ ተመሳሳሊ ግብረ-መልሲ ዝህብ ኣይሰኣንን ይኸውን።

ሓደ ሰብ ኣብ ህይወቱ ናይ ዝገብሮ እወታዊ ለውጢ ቀዳማይ ተረባሒ ባዕሉ እዩ። ሕብረተሰብ ድምር ውጽኢት ውልቀሰብ እዩ። ሓደ ሰብ ብቑዕ፡ ኣፍራዪን ውጽኢታዊን እንተ ኹይኑ ንኸባቢኡ ወይ ነቲ ንሱ ዝርከቦ ሕብተረሰቡ የዕብዮ። ብኣንጻሩ ዘይብቑዕ፡ ዘየፍርን ኮንቶን እንተ ኹይኑ ነቲ ክዓቢ ዝግበኦ ሕብረተሰብ ብድሕሪት ኩይኑ ይጉትቶ። ብሕና ድሕሪ ናይ ገዛእ-ነብስና ምኳንና ናይ ሕብተሰብና ኢና።

### ዳእላ ተመሃሮ

A man talking to God:

*The man:* “God, how long is a million years?”

*God:* “To me, it's about a minute.”

*The man:* “God, how much is a million dollars?”

*God:* “To me it's a penny.”

*The man:* “God, may I have a penny?”

*God:* “Wait a minute.”

***

*ሜሪ ማና*

### ቀዳሞት ኣብ ማያት ዘንሳፈፉ

ኣብ ከባቢ ማያት (ውቅያኖሳት፡ ባሕርታትን ኣፍላጋትን) ዝነብሩ ኣህዛብ፡ ኣብ ልዕሊ ማያት ከንሳፍፉን ኪንዮኡ ሓሊፍካ እንታይ ከም ዘሎን ክፈልጡ ክቱር ባህጊ ነበሮም። ቀዳሞት እዚ ባህጊ ዝሰመረሎም ግብጻውያን እዮም። ሽሕ'ኳ ኣጸቢቑ ርጉጽ ኣይኹን እምበር ቅድሚ ሓሙሽተ ሽሕ ዓመታት ግብጻውያን ጃልባታት ይጥቀሙ ምንባሮም ምስክር ምእንቲ ክኸውን ኣብ ጥንታዊ ኣኻውሕ ምስለን ወቒጦሞ ኣለዉ።

ክሳዕ 1800ታት ምዕባለ መራኽብ ገፊፍ ይብል ኣብ ዝነበረሉ፡ እቲ ሽዑ ዝተበጽሐ ቅልጣፈ ኣብ ሰዓት ሰላሳን ትሽዓተን ኪሎ ሜትሮ ነይሩ። ቻይናውያን ቀዲሞም ኣብ ዓውደ-ውግእ ከሳትፍወን ምስ ጀመሩ ግን እናማዕበላ መጺአን። እቲ ብሓይሊ ሰብ ዝእለ ዝነበረ መጀለቢ። ናብ ሃፋ፡ ጸኒሑ ናብ ኤለክትሪካዊ ሞተር ማዕቢሉ።

### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቤተልሄም ታደሰ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**

ቊስ 125013 - ቊሳጶ 1284

### ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

#### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መን ሰን ዝተባህሉ ሓሙሽተ ተመሃሮ ማንጉስ ይበልዑ ነበሩ። ‘ሀ’ ቅድሚ ‘ለ’ በሊዑ ወደአ፣ ን‘ሐ’ ግን ኣይቀደሞን። ‘መ’ ቅድሚ ‘ሰ’ በሊዑ ወደአ፣ ን‘ለ’ ግን ኣይቀደሞን።

መን ቀዲሙ ወዲኡ ብቐደም-ተኸተል ስርዓዮም?

(መልሲ ቅድሚ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

።ኑ'ሂ ኑጋቢሩተ ሐሃቋዚ
ሐሀ ሠሩ ሂሂ ሀ ሩሂሃወዚ ሐሀ ሠ ገዊሃሃ ሀ ።ወሀሂ ተሀሀሀ ቲሐሁቀ
ሀ-በ-ሣ ዝሀሀ ፧ሠኝቋተ ሩሬ ሣሁ ሂኝወ ሀ ኤሐሃቂ በ ።ሀ ፧ሠ ፧ሀ ፧በ ፧ሣ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“እቶም ‘ክግበር ኣይከኣልን'ዩ፡’ ዝብሉ፡ ኵሉ ግዜ በቶም ዓየይቲ መልሓሶም ምስ ሓየኹ'ዮም።”

- Anon

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ናትካ ትርጉም ኣብ ህይወት. . .?

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ኣየ'ዛ "ህይወት" ዝበሉዋ ኣምር! መን እዩ ኾን ብምልኣት ክትርጎማ ዝኽእል? ብዙሓት ምሁራት ደዮም ዘይተማህሩ "ዕዉት ህይወት ከተሕልፍ እንተ ደሊኻ፡ ህይወትካ ክትምዕረልካ እንተ ኾይና፡ መንገዲ ብሉጽ ህይወት፡ ምስጢር ዓወት. . ." ዝበሉ ብዙሓት መጻሕፍቲ ኣሕቲሞሙልና እዮም። ብዙሓት ናይ ሱልጦና ይኹን ናይ ካልእ ዓውዲ ምሁራት፡ ኑቲ ምኡዝ ህይወት ዝበሉዎ ዝምልከት ማእለያ ዘይብሉ ምኽሪ ሂቦምን ይህቡ ኣለዉን። "እዚ ፍልጠት'ዚ ብማሰረቱ ካብይ ኣምጺኦ'ሞ?" ኢልና ሓሲብና ንፈልጥዶ?

እዛ ብበበይኑን ሕምርግራማን ሕብሪ ዝተኸፋፈለት ህይወት መቸም ብመምርሒ ናይ ውልቀሰባት እትቕየድ ኣይኮነትን። ምኽንያቱስ ኣብ ቦታን ግዜን ናታ ዝኾነ ሕብራን ጠለብን ስለዘለዋ።

ንኣብነት ገለ ጸሓፍቲ፡ ካብ'ቶም 'ንህይወት ዘጥዕያ' ኢሎም ዘቐርብዎ ማዕዳ ንበሎ ትምህርቲ - "ምስ ሰባት ጸቡቕ ዝምድና ይሃሉኻ" ዝበል እዩ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ምስ ሰባት ጥዑይ ዝምድና ክህልዎ ዘጸልእ ኣይኮነን። ግናስ "እቲ ጥዑይ ዝምድና ዝበሃልከ ከመይ ዝበለ እዩ?" ንዝብል ሕቶ ኣይምልሱን፡ ወይ ድማ ብማጠን'ቲ ኣብ ህይወትና ዝተገዝዘብዎ ክገልጽዎ ይፍትኑ።

ወድ-ሰብ ብናይ ረብሓ ግርጭት ኣብ ዝተሓማመሰሉ ግዜ፡ ጥዑይ ዝምድና ዝበሃል ከመይ እዩ? ንጉዳእ ኑብሰኻ ሃሲኻ ዝምድናኻ ክትዕቅብ ምፍታን ማለት ድዩ? እዚ እንተ ኾይኑ ኣብ መወዳእታኡ ናብ ልምሰት ወይ ናብ ሞት ዝወስድ እዩ። ኑቲ ዝዋበኣካ ረብሓ ጥራይ እናሓለኻ ብሰላም ንኽይትነብር ድማ፡ ዓለምና በዮም ዘይናትና እንደሊ ዝተመልኣት እያ። ስለ'ዚ፡ ኩሉ ግዜ ሰላማዊ ኼንካ እትነብረሉ ባይታ ክህሉ ምጽባይ ዝከኣል ኣይኮነን።

ሓደ ካብ'ቶም ንህይወት ዘመቅሩ ተባሂሎም ዝዘርዘሩ ነጥብታት - "ብዘለካ ሕጉስ ኩን!" ዝበል እዩ። ወድ-ሰብ ግን በቲ ደውሓድ ይብዝሕ ዘለዎ ሕጉስ ክኸውን ከም ዝኽእል ርግጸኛታት ኣይኮንናን። ሃገር ሓቂ ክንዛረብ እንተ ኾይንና ድማ፡ ብዘለዎ ዝሕጉስ ሰብ ክህሉ ትጸቢት ኣይግበርን።

ክንደን ሰኢንካ ዕርቃንካ ምስ ኾንካ ትሕጎስዶ? ሰኣን ክልተ ባኒ ብጥምየት ዝሕሉብ ሰበከ ብዘለዎ ሕጉስ ክኸውን ይኽእልዶ?' ምስ ልዕሊ ተፈጥሮ ዝኾነ እምነት ብምትእስሳር - "ብዘለካ ኣመስግንካ ንበር" እንተ ተባህለ፡ እቲ ምስጋና ንዕሉ ካልእ ሸቓይ ከም ዝሰሕብ ብምእማን



ቅቡል ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ'ዛ ናይ ረብሓ ምክርፋስ ዝበዝሓ ዓለም ግን ኑቲ ዘለካ ዘሕድግ እምበር ዘውሰኽ ክህሉ ትጸቢት ኣይግበርን።

ናይ ኣብርሃም ማዝሰው "Theory of Hierarchy" እንካ ተዘኪርና። ኣብ'ዚ ንላዕሊ ዝተወጠጠ መሳልል ወይ ኣስካሉ ድልየት ደቂ-ሰብ፡ ዝተረኽበ እንተ ተረኽበ ወትሩ ምስ ኣንቃዕረረ እዩ። በዚም መሳልል ኣብልካ ናብ ላዕሊ ንኽትሓኩር ክትሓልፎ ዘለካ ቓልሲ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ'ቲ መሳልል ዘለው ድማ፡ ከም'ዚ ኾምና ናብ ላዕሊ ንኽድይቡ ጸደፍደፍ ዝበሉ ሰባት እዮም። ስለ'ዚ፡ ንዓኣቶም እናዓለኻ ዲኻ ዋላስ እናረገጽካ ንኽትድይብ "ብዘለካ ተሓጎስ!" ዝበል መዓዲ ዘድሊ ኣይኮነን። እንተ መዓደ እውን ዝሰምዖ የለን።

ኩሉ ሰብ ብዘለዎ እንተ ዝሕጎስ ነይሩ፡ ዝጠፍአ እንተ ጠፍአ፡ ዝጉደለ እንተ ጎደሎ፡ ዝሰኣነ እንተ ሰኣነ ወትሩ ተሓጊሱ ምብረ። ዋላ'ውን ሰኣን ዝበልዖ እናሞተ እንክሎ ብታሕጓስ ፍንጭጭሕ ምበለ።

ምናልባትዶ እዚም "ብዘለካ ተሓጎስ" ኢሎም ዝምዕዱ ሓለፋ ሰባት ንዋይ ዝኣከቡ ይኾኑ? ወይ ድማ ጽግም ዝበሃል ኣብ ጥቓኦም ዘይቀረበ ኾይኑ?

ህይወት፡ ኣሕፈሽካ ክትትርጎም ኣይትኽእል እያ'ዶ ክብል? ኣብ ጉዳም ሰፈሩ ዝልምንን ሚልዮናት ተተርኢሱ ዝሓድሩ፡ ንህይወት ሓደ ዓይነት ትርጉም ክህበዋኸ ይከኣል ድዩ? ክልቲኦቶም መማስ ኩነታቶምን ባህርያቶምን ኣቶም ትርጉም ክህበዋ ንበር ይመስለኒ። እዚ ማለት፡ ለሚኒ ዝያዳ የማርር ንኽብል ኣይኮንኩን። ምኽንያቱ፡ እቲ ሚልዮናት ዝተተርኣሰ ሰብ፡ ብዘርጋጹ'ውን ሚልዮናት ክንጸፍ ዝደሊ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተ ኸኣሉ ድማ ሚልዮናት ክኮልብቡ፡ ድልየታትና ዘንቃዕረረ ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ'ዚ ክፉት ኣድማስ ክፅግዮ ዝኽእል ሓጹር የለን።

እቲ ንኹሉ ዘሓቢ ትርጉም ናይ ህይወት ኣበይ ኣሎ? ንኣብነት ሩታ ንህይወት እትህባ ትርጉም ፍልዩ ዝበለ'ዩ። "እዛ ህይወት እዚኣ ወደይ ከመይ ዝበሉዋ እያ። ንገለኡ ካዕበት ትህቦ፡ ንገለኡ ድማ ጥራይ ኢዱ ትሰድዶ!" ክትብል ተማርር። ህይወት ዘይፍትሓዊት ምዃና እያ ኣርጊጻ እትኣምን። ስለ'ዚስ እቲ "ብዘለካ ተሓጎስ" ዝበል ኣምር ምስ ሩታ ዝሰርሕ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ንህይወት ብጠለ ሸነኻ ትርጉም ሂባ ትነብር ኣላ። ህይወት ዘይፍትሓዊት ብምዃና፡ ብዝተኻእላ መጠን ንኽትገጥማ ድልውቲ ክትከውን ከም ዘለዋ ድማ ትሓስብ ትከውን። ከም ሰብ ክትመናጠል ማለት እዩ።

ዓንደም፡ "ህይወት ፍትሓዊት ኣይኮነትን" ኢሉ ኣየማርርን እዩ። ብጾሪ ከም እትንበር ጥራይ እዩ ዝፈልጥ። ስለዝኾነ ድማ፡ ምሉእ መዓልቲ፡ እንሓንሳብ ለይቲ ወሲኹ ንጀርዲኑ ከሰሳልስ፡ ክድኩዕ፡ ክዘርእ፡ ክጸሂ፡ ማይ ከስቲ፡ ክሕሉ. . . ልዕሊ ንበር ጉልበቱን ፍልጠቱን የወፊ። ኑቲ ዝረኸቦ እቶት ብመንጸር ዘፍሰሶ ጻዕሪ ደኣ ይምዝኖ እምበር፡ እንተ ወሓዶ ናብ ህይወት ኣየጸግዮን እዩ።

ከም'ዚ ናይ ሩታን ዓንደምን፡ ሓያሎ ሰባት ብዙሕ ህይወት እንተ እንሕተት ገለ ሃገር ምበልና። ግን ከኣ ንኹሉ ከእምን ዝኽእል ምኽንያታዊ መልሲ ዘይኮነ፡ ኣብ ኩነታትና ተመርኩሰና እንህቦ መልሲ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

ምስ'ቶም "ህይወት ናይ ገዛእ-ርእስና ጽብራቕ እያ" ዝበሉ ብኸፊል እሰማማዕ እየ። ንህይወት ዝጸሉ ልዕሊ ዓቕሚ ዝኾኑ ክስተታት ስለዘለው። ብኣኡ መገዲ ድማ ዘይምሉእ ትርጉም ሂብ እንበራ ኣለና። ኣረጋጢ ንዘውዕል ሰብ፡ ህይወት ማለት "ምቑጽ ኩርሲ" ክትከውን ትኽእል እያ። ኩርሲ ምስ ተሰበረ ድማ፡ "ህይወት ሰብር ኩርሲ እያ" ክብል ይኽእል።

ኣማኑ ካብ'ቲ ዝረኸቦ ንላዕሊ፡ ኑቲ ዘይረኸቦ ሃረር ክብል ዝነበር ዘሎ ሰብ እዩ። ስለ'ዚ ንህይወት ከም ሃረርታ እንተ ገለጻ ንዓኡ ትኽክለኛ ትርጉም እዩ። ጣህር ጸገማቱ ጥራይ ክጽብጽብ እዩ ዝውዕል። ብናቱ ኣረኣእያ ድማ፡ ንህይወት "ቀሪዕ ናይ ጸገማት" ካብ ምባል ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክህባ ትጸቢት ኣይግበረሉን። ጉብራይ ከኣ ፍልዩ ብዝበሉ፡ ህይወት ዕድል ምዃና እዩ ዝኣምንን ዝጐትትን። "በቲ ዘድሊ መንገዲ እንተ ኸይድካያ እውን፡ ዕድል እንተዘይገይርካ ጥዕና ኣይትህበካን እያ" ዝትርጉሙ ኣረኣእያ ኣለዎ ማለት እዩ።

ነፍሲ-ወከፍና ንህይወት ከመይ ንትርጉማ? መን'ዩ "ንህይወት ከም ቀላል ኣይትርኣያ/ኣይትፍራሓያ፡ ኣብ መወዳእታ ኣይክትገድፈካን እያ" ዝበለ ደቀይ። ግርም እዩ ዝበለ። እንተ ዘይፈራሕካያ እውን ከም ዘይትገድፈካ ምፍላጥ ልቦና እዩ እመስለኒ። ካብ እንፍጠር ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ዝዓይነቱ ትርጉም ናይ ህይወት ሰሚዕና ኣሎና። እዚ ትርጉም'ዚ ግን ንኹሉ ከውክል ዝኽእል ምልኣት የብሉን። ባዕላ እታ ህይወት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከውንነት ክንፈርሓን ክንደፍራን ከም ዘለና ኣርኢያትና እያ። ንድኽነት ዘይፈርሖ ሰብ ኣሎዶ ይኸውን? ንድኽነት ዘይምፍራሕ ማለት'ኮ፡ ሞት እናመጸኣካ ተጐዚፍካ ምጽናሕ ማለት እዩ። እቲ ሃብታም ዝበሃል ንጉእ-ርእሱ ሃብቱ ንኸይዝመት ፈሪሑ እናሓደረ ደኣ - ከመይ ኢልና ንድኽነት ክንነዕቆ ንኽእል?

ህይወት መትሓዚ የብላን። እቲ እንኮ ሓደ ጫፍ ካብ'ቲ ብዙሕ ጫፋታ ምዃኑ ክንኣምን ኣሎና። በቶም ካልኣት ጫፋት፡ ኣብ ጨጨንፈሮም ካልኣት ሰባት ኣለዉ። ስለ'ዚ ድማ፡ ህይወተይ ናተይ ጥራይ እያ። ህይወትካ ወይ ህይወትኪ ናትካ/ናትኪ ጥራይ እያ። እቲ ኣሕፈሽካ ዝወሃብ ትርጉም፡ ንኹሉ ከም ወህቡ ዝሰማማዕ ገይርና ክንወስዶ ኣይንኽእልን። ስለ'ዚ፡ መማስ እዋናዊ ኩነታትና እናተዓጻጸፍና ክንነብራ ደኣ'ምበር፡ በቲ ዝተቐመጠልና "ናይ ህይወት መምርሒ" ጥራይ ክንነብራ ምሕሳብ፡ ናብ ምድንጋር እዩ ዝወስድ።

ሓንቲ ሓፍትናስ "ሚስጢር ዓወት" እትብል መጽሓፍ ኣንቢባ እመስለኒ፡ ክትዕወት ምኻና ርግጸኛ ኾይና፡ ዘለዋን ኣካሺጣን ተለቂሓን ጥሮር ኢላ እንዳ መሻጢት ኣውጺኣትልክም። "ምስ ኩሉ ሰብ ጸቡቕ ዝምድና ምግባር፡ ዓማዊል ምጥራይ. . ." ንዝበል መምርሒ፡ ከም ሰንቂ ኣብ ርእሳ ሒዛን ከም ወህብ ወሲ-ዳዮን እያ። ደሓር ግን ገዘን መምርሒን ሒዝካ ሕልምልም ኩይኑ። እቲ ዝሓሰበቶ ዝምድና ብፍሸኽታ ድያ ክትረኽቦ፡ ህያብ ብምብርካት ድያ ከተጥርዮ፡ ዋጋ ብምሕሳር ድያ ከተዕብዮ. . . ድግርግር ኢሉዋ። እዛ ሓፍቲ፡ በቲ ናይ ካልኣት ምስጢር ዓወት እያ ክትህብትም ደልያ። ማለት'ሲ ካብ'ቲ ናታ ጨንፈር ወጺኣ ንምባል እዩ። ንጉእ-ኑብሰን ዕዳጋን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዘዋጽኣ ንኽትመርጽ ዝመኸራ የለን። ተመኺራ እንተ ኾይና ድማ ዝሰምዖ እዚዚ ኣይነብራን ማለት እዩ። ንዘይለመዱ ሰብ ቀልቀለት ካብ ዓቐቡት ከም ዝኸብድ ኣይተገዝበትን።

በሉ'ስኹ፡ ኣበዮናይ ቀጽሪ ወይ ጨንፈር ኢና ዘለና? ኣብ'ቲ ዘለናዮ ቀጽሪ ንህይወት ክንኣርሓዶ ንፍትን ኣለና ወይስ ተባህለ እናበልና ናብ ዘይቀጽርና ንቅዳደም። ወይ ድማ ላዕሊ ላዕሊ እናኣቋመትና "ብዘለካ ተሓጎስ!" ዝበል መዝሙር ንደግም? መመልሰኹም ንዓኹም።

## ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2018፡ ሕማም ንፍዮ ንምቍጽጻር ብደረጃ ሃገር ዘካየዶ ሰፊሕ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ሕማም ንፍዮን ሩብላን ካብ ናይ ምቍጽጻር ደረጃ ናብ ናይ ምጥፍእ ደረጃ ንምስግጋር፡ ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024፡ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከምኡ'ውን ዕደላ ቫይታሚን "ኤ" ከካይድ እዩ።

**ኣብ'ዚ ወፍሪ ክታበት ዝኽተቡ መን'ዮም?**

* ኩሎም ካብ 9 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዕድመ ዘለው ህጻናት፡ ናይ ክታበት ካርዶም እናተራእየ ከይተ ኣድላይነቱ፡ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከም ዝኽተቡ ክግበር እዩ።

**ብተወሳኺ፦**

* ኩሎም ካብ 6 ክሳብ 59 ወርሒ - ማለት ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመ ዘለው ህጻናት ድማ፡ ናይ ክታበት ካርዶም ሒዞም ኣብ መኽተቢ ነቑጣ ብምምጻእ ቫይታሚን "ኤ" ክወስዱ እዮም።

ስለምንታይ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ኣብ'ዚ እዋን?

1. ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከይተኸትቡ ዝሓለፉም ህጻናት ረኺብካ፡ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከም ዝኽተቡ ምግባር፡

2. ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ተኸቲቦም ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዘማዕበሉ፡ በዚ ናይ ሕጂ ክታበት ዝያዳ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ንኽማዕብሉ ምሕጋዝ፡

3. ብስዕረ ዶብ ንዝኣትው ሕማማት ንፍዮን ሩብላን ብምቍጽጻር፡ ሽፋን ክታበት ልዕሊ 98% ከም ዝበጽሕ ብምግባር፡ ሕማም ንፍዮ ካብ ናይ ምቍጽጻር ደረጃ ናብ ምሉእ ምጥፋእ ከም ዝሰጋገር ምግባር።

ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ፡ ኩሎም ወለዲ ይኹኑ ኣለይቲ፡ ካብ ክሊ ዕድመ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዘለው ደቆኹም፡ ኣብቲ ካብ ዕለት 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024 ዝካየድ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከምኡ'ውን ምዕዳል ቫይታሚን "ኤ" ናብ ጥቓኹም ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ግዝያዊ መኽተቢ ነቑጣ ናይ ክታበት፡ ካርድ ሒዝኩም ብምምጻእ ደቅኹም ከተኽትቡ ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብር።

**ጥዕና ደቅና ብኽታበት ነውሕስ!**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:25 | ፈዮሪና |
| 10:00 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | ድራማ |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:20 | መስተንክር |
| 18:00 | ዶክመንታሪ |
| 18:30 | ህርመት |
| 20:00 | ዜናትግረ |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

**ሰኑይ**

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 2:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዜና ስፖርት |
| 13:30 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 16:00 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜናትግረ |
| 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ቑርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ተበግሶ



ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ሳላ ቴክኖሎጂ፡ ዝበዝሐ ማሕበረሰብ ዓለም ደሃይ ናይ ምሕታት መንገዱ ዳርጋ ብተለፎን እዩ ዝስላሰል። ቤተ ሰቡ ፈታዊ፡ ዓርኩ-መሓዛኡ መማህርቲ ይኹን መተዓብይቲ፡ ደሃይና ምስ ዘይገብር፡ "ኣይደውለንየ፡ ምድዋል ኣይፈቱንዩ" ወዘተ ክንብል ኢና ንስምዖ። እንተኾነ፡ ቀደሚ 'ከም'ዚን ከም'ቲን' ምባልና፡ ንበሰና ክንፍትሽ'ዩ እቲ ዝቐለለ። ንዕልና፡ ካብ'ቶም ዘይደውሉ ዓይነት ሰብ ክኸውን ዘይኮንና ግን፡ ንምንታይ ኢና ናይ ካልኦት ደወል ንጽበ? ንሕና ክኸውን ዘይደወልና፡ ስለምንታይ ንሱ ወይ ንሳ ዘይደወሉ ዝብል ስምዒት ይሓድረና? ስለዚ፡ እቲ መፍትሒ ባዕልና ተበጊስ ወሲድና ክንድውል እዩ ዘለና። ልዕሊ ኩሉ ከኣ፡ ናብኦም ደዊልና ደሃይና ዝነብሩ ወገናት፡ ደዊልና ደሃዮም ክንገብር ሓላፍነትና እዩ። እንተ ክኢልና'ውን፡ ኑዖም ደዊሎም ደሃይና ዘይገብሩ ወገናት፡ ደዊልና ደሃዮም እንተ ገበርና፡ ልቦና'ምበር ዕሽነት ኣይኮነን። "ኣይደወለለይን እሞ፡ ኣነ ከኣ ኣይድውለሉን እየ" ዝብል ትዕቢት ፍጹም ክሕዘና ኣይግባእን።

ዝበዝሐ ዝፈልጠካ ሰብ ኣብ ህይወትካ ከመይ ትሰገም ከም ዘለኻ ይሕበኻ እዩ። እንተኾነ፡ ይሕበኻ ከምዘሎ ኣፍልጦ ክህበካ ግን ኣይደልን። ዝ፡ ብምፍላጥካ ትኸሰሉ ኩነትኻ እንተ ዘይሃለወ፡ ንኽልቴኹም ብዘፈልጡ ሰባት (ብኣደ ዚር) ደሃይካ ካብ ምሕታት ከምዘየዕርፍ ከተረጋግጽ ግና ትኽእል። ብፍላይ ተጠቃሚ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምስ ትኸውን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ትጥቀመሉ ግዜ ንእትልጥፎም ኣሳእል ይኹኑ ጽሑፋት ርእዮም ዝህቡኻ ሰባት ሓደት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። በዚ ኢሉ በቲ ግና፡ ብዙሓት ብዝዕባ'ቲ ንሶም ኣተኩሮኻ ዘለኻ ኣርእስቲ ምፍላጦም ዘይተርፍ ምዃኑ ምግንዛብ ይከኣል እዩ።

ካብ ሰብ ኣፍልጦ ክትረኽብ ኣይትጽዓር። ንኩበቶ ባዕልኻ በቲ ቅኑዕ መገዲ ኣፍልጦ ምስ እትህበዮ እቲ ዝግበኣካ ዕብየትን ክብርን ዝመጽእ። ንዘወረደካ በደላት ተጻሚምካ ክትሰግሮም ጸቢቆኻ እንተኾነ፡ ኑቲ ምጽማምካ ከም ንብረ ወሲዶም ቀጺሉ ብበደል ሓገዞም ካብ ዝምጥዉ ሰባት ግና፡ ተጠንቀቕ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን ሰባት ብዝተፈላለየ መለክዒታት እናዓቀኑ ክገልጹና ይኽእሉ እዮም። ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ግና፡ ሓቀኛ ስሚዕትካ ምግላጽ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘይምዝንጋዕ።

ገለ ሰባት ኑቲ 99% ዝገበርካሎም ጸቢቕ ረሲዖም ኑታ ዘይገበርካሎም ሓንቲ ሚእታዊት እዮም ዝዝክሩ። ንመን ዋጋ ትኸፍል ኣብ ምፍላጥ ርጡብነት ይሃልወካ። ገለ ሰባት ከም ኣብ መጻወድያ ዝኣተወ ኑብሪ እዮም። ካብ ዝኣተውዎ መጻወድያ ክወጹ ክትሕግዞም እንተ ፈቲንካ ባህርያቶም ንኸሕግዙ ኣየፍቅደሎምን እዩ። ንሓጋዚኦም ብምንካስ፡ ሓደጋ ዘውርዱ ብምዃኖም ካብ ከም'ዚ ባህሪ ዘለዎም ሰባት ምርሓቕ ይበልጽ። ስለዚ፡ ኣብ መወዳእታ ተበጊስ ወሲድካ ንመን ትሕግዝ ፍለጥ።

## ምስ መን ኢኻ ትወዳደር



ኣብ ህይወት ውድድር ምስ ዝህሉ እዩ ሓያሰቲን ቀደሚ ሎሚ ተዳህሲሶም ኮነ ተማሂዞም ዘይፈልጡ ነገራትን ክፍጠሩን ህላውኖም ክረጋገጹን ዝኽእል። ውድድር፡ ክንጽ'ቲ ንሓደ መደብ ንምጭባጡ ዝግበር ጻዕሪ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ሓበራዊ ብልጫ ንምምጃእ

መደብ ወጺኡ ነበረ። እዞም እንስሳታት ዝውዳደሩሉ ሰፊሕ ቦታ ብምድላው ከኣ ቀሪቡት ገበርምዎ። ኣካየድቲ ናይ'ቲ መደብ ኑቲ ውድድር ዝበቕዕ ኮይኑ ዝተሰመዮም ሽልማት ኣዳልዮም ነበሩ። እንተኾነ እቲ ዝተጠቕሰ ሽልማት ብወገን እቲ ኑብሪ ንኽበሩን ደረጃኡን

ዝለዓለ ደርኸት ዝፈጥር ንጥፈት'ዩ እውን ክበሃል ይሰማዕ እዩ። እንተኾነ ግና ኣብ ከመይ ኩነትን ምስ ከመይ ዝኣመሰሉ ሰባትን ኢኻ ክትወዳደር ዘለካ ምፍላጥ ልቦና እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ግዜ መወዳድርትና ክንጽ'ቲ እንምዕምቶ ወይ'ውን ትሕቲ'ቲ እንምዕምቶ ብቕዓትን ደረጃን ክህልዎም ስለ ዝኽእል፡ ንእንታይነትናን ዓቕምናን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክእትዎ ዝለዓለ ተኽእሎ ስለ ዘሎ።

ሓደ ግዜ፡ ኣብ መንጎ እንስሳታት ዝነብሩ ኣገዳም ፈጣናት ምዃኖም ዝተመስከረሎም ኣኽሳባት ምስ'ቲ ኣብ'ቲ ቀጽሪ ዝነብረ እንኮ ኑብሪ ከወዳድርዎም

ዝመጣጠን ግዱ ዘይተሰመዮ ኮይኑ፡ ካብ'ቲ ውድድር ንኽእለ ብዙሕ ምዕልብጣት ኣርእዩ።

ብመሰረት እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣብ'ቲ ውድድር ቀዳማይ ኮይኑ ንዝዛዓወተ እንስሳ ሓደ ከሎ ስጋ፡ ንካልኣይ ፍርቂ ከሎ ስጋ፡ ንሳልሳይ ከኣ ርብዒ ከሎ ስጋ እዩ ተሰሊዑሎም።

እቶም ኣኽሳባት፡ ካብ'ቲ ንብሕቶም ብመቐሕ ተኣሲሮምሉ ዝነበሩ ሰፍራ ብምውጻእ፡ ንውድድር ድልውነቶም ከርእዩ እንከለው፡ እንተ ኑብሪ ግና ካብ'ቲ ዝነበሮ ቦታ ፈልከት ምባል ኣበየ። ኣብ ዝተዓዘቡን ዘስተውዕሉን

ኣብ'ቲ ውድድር ዝተረኽቡ ህዝቢ ኣዝዩ ገረሞም። በቲ ተርእዮ ምግራሞም እናቖጸሉ ከኣ ናብኦም ኣካየድቲ ናይ'ቲ መደብ ብምምራሕ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ሓተቱ።

መልሲ እቶም ኣካየድቲ ከኣ፡ "እዚ ኑብሪ ውድድር ዝጸልአ ኮይኑ ኣይስመዓናን። እዚ መደብ ከም'ቲ ዝሓሰብናዮ ብዘይ ምኽዱ ኣይትሓዘልና። ኮይኑ ግና እዚ ኑብሪ ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ኣናብር ምተወዳደረ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ መጠን እቲ ተሰለዐ ዘሎ ሽልማት ዝፈልጦ እዩ ዝመስል። ግደ ሓቂ፡ ምስ ክብሩን ደረጃኡን ዝሰነ ኣይኮነን። ዝ ክንዲ ምስኡ ዘይትኣክል ሽልማት ክብል ክብሩ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእቱ ፍቓደኛ ክኸውን ዘይደለየ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ" ብምባል ግምታዊ መልሲ ኣቕረቡ።

ኣብዝ ዝተሰርዐት ውድድር፡ እቲ ኑብሪ ተወዳዲሩ ኑታ ዝተሰለዐት ሽልማት ክዕወተላ እንተ ዝኽእል፡ ካልእ ተተረፈስ ፍረ ጻዕሩ ረኺበ፡ ተመሲሑ ከዕርፍ ምኸኣለ ነይሩ። እንተኾነ ክብሩ ስለ ዘገደሶ ካብቲ ዓወት ክተዓቐቕፍ ክኢሉ። ሓደ ሓደ ግዜ ብሉጽ ምዃንካ ከተርኢን ከተረጋግጽን ምፍታን፡ ጉዳይ ጸርፊን ውርደትን ካልኦት ሰባት ክዝብርካ ይኽእል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ክትከሰቦ ዘኽእለካ ዓወታት ክትብኩር'ውን ይቕስበካ።

ብኻልእ መዳይ እንክርኣ'ውን ተግባራት እዚ ኑብሪ ብጸቢቕ ኩሉ ዝጥመተሉ እዋን ኣሎ። ምኽንያቱ ዛንታ ናይዚ ኑብሪ ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ሓይልኻ ከተርኢ ብምባል ናብ ደረጃ ካልኦት ሰባት ምእታው፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ዘይምዃኑ ንምርግጋጽ እኹል ኣብነት ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኑብሪ፡ ዝገበሮ ጻዕሪ ብምግባር ፍጥነቱ ተጠቒሙ፡ ከም ስሱዕ፡ ጠለቡኡን ካልኦት እንስሳታትን ዝኣመሰላ ሃዲኑ ክምገብ እምበር፡ ዝቐልጠፈን ዝሓየለን ምዃኑ ንኣኽሳባት ኮነ ንሰባት ምርኣይ ኣድላዪ ኮይኑ ስለ ዘይተሰመዖ'ዩ፡ ካብ'ቲ ውድድር ንምእላይ ብዙሕ ከዕሉበጥ ዝተራእየ ክንብል'ውን ንኽእል ኢና። እምበኣርከስ፡ ካብ'ዚ ዛንታ እንመሃሮ ሓሳባት ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ሓይልና ከረጋግጽ ኢልና ንደረጃናን ክብርናን ኣብ ዘይብቕዕ ውድድር ካብ ምስታፍ ኮነ ምትእንጋድ፡ ክንጥንቀቕ ዘሎና ክፉእ እዩ። እዚ ማለት ግን፡ ፍጹም ካብ ውድድር ተኣለ ዘይምዃኑ ምስትብሃል ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ህይወት ውድድር ንዙሓሽን ንዘበለጸን ወጽኢት ደርኸት ዝፈጥር ባይታ ምዃኑ ተረዲእና፡ ምስ መንን ኣብ ከመይ ኩነታትን ንወዳደር ምፍላጥ ልቦና እዩ።

## ኣተኩሮ

# ሰቕታ ልቦና ኣይኮነን። ምዝራብ'ውን ዕሽነት ኣይኮነን። ሰቕታ ልቦና ዝኸውን ሕማቕ ምስ ዘይትዛረብ እዩ። ዘረባ ዕሽነት ዝኸውን ድማ እንታይ ትብል ኣለኻ ምስ ዘይትግምግሞን ዘይተመዛዘነን እዩ።

# ጥዑይ ምኳኑ ንሰባት ድሌቶም ምምላእ ወይ ጸቡቕ ነገር ምሕሳብን ምትግባርን ኣይኮነን። ጥዑይ ምኳኑ ጸቡቕ ገይርካሎም ሕማቕ ንዝገበሩኻ ሰባት ንብደሎም ምጽማም፣ ሕድገት ምግባር ከምኡ ድማ ጸቡቕ ባህርኻ ዘይምቕያር እዩ።

# ደጋዊ መልክዑ ሰባት ንኽቕርቡኻ ይሕግዝ ይኸውን እዩ። እንተኾኑ፡ ምስኦም ክንዕዘካ ዝኽእል ቅኑዕ ባህርኻን ጠባይካን ምዃኑ ኣይትዘንግዕ።

# ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወትና ሓደ ወትሩ ክንዝክሮ ዝድለ ዛዕባ ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ "ዝበደልክዎ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ እሞ፡ ዝተበደልክዎ ከይጽብጽብ፣ ብዝተበደልክዎ ከይቕሕር፣ ከምኡ ድማ ንዝበደልክዎ




ከይረስዕኩ፡ ብዝበደልክዎ ድማ ክጥዓስ ኣኻእሎ ይሃበኒ" ናይ ምባል ልምዲ እዩ።

# ንንጉስ ርእሰይ "ካብይ ዝሓምቕ ኣሎ" እናበልኩ እየ ንድሕሪት ዝኾላ ነይረ። እንተኾነ፡ ሎሚ እኸኩ ካብይ ዝሓምቕ ከም ዘየለ ይዕዘበን ደርዲአ። እቲ ምንታይ፡ ንኻልእ 'ሕማቕ እዩ' ካብ ምባል ዝሓምቕ ሕመቕ ስለ ዘየለ።

## ኣደነቕቲ ሓቅታት

- እታ ማብቆላዊት መርከብ ታይታኒክ ንክትሰራሕ ሸውዓተ ሚልዮን ዶላር ወዲኣ። እቲ ዘገርም ግና፡ እታ ንታሪኽ ጉዕዞኣን ኣጡሓሕሎኣን ከዘንቱ እተሰርሐት ፊልም ንክትዛዘም ክልተ ሚእቲ ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ዝተገብረላ ምዃኑ'ዩ።

- ሓደ ካብ 20 ሰባት ጥራይ'ዩ ተወሸክቲ ክልተ ማሰንገለ ዘለዎ። እዚ ድማ ኣብ ክንዲ 12 ጽምዲ፡ 13 ጽምዲ ማሰንገለ ክህልዎ ይኽእል።




- ኣብ ክፍሲ-ወከፍ ካርታ ዝርከቡ ትእምርትታት፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ዝፀበዩ ዝና ንዘበርም ነገስታት ዓለም ዘውክል ትርጉም ኣለዎም። ኩናት፡ ንንጉስ ዳቪድ፡ ፍዮሪ፡ ንንጉስ ኣሌክሳንደር ዓቢ፣ ልቢ፡ ንንጉስ ቻርልማኝ ኣልማዝ ከኣ ንንጉስ ጁልየስ ቄሳር።

- ብደረጃ ዓለም ካብ ዝግፈፉ ዓሳታት፡ እቶም ሰለስተ ርብዒ ጥራይ እዮም ብቐጥታ ንመግቢ ደሊዋት ዝኾኑ። እቶም ዝተረፉ ድማ ንመስርሒ መግቢ ፈሳሲ ሳሙና፡ ድኹህን ካልእን የገልግሉ።

- ኣናህብ ሓደ ከሎ መዓር ንክሰርሑ ብውሕዱ ኣርባዕተ ሚልዮን ዕምባባታት ክበጽሑ ኣለዎም። ናብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕምባባታት ንኽበጽሑ ድማ ኣስታት ኣርባዕተ ዕጽፊ ዙርያ መሬት ይጉዓዙ።

- ኣብ ማእከላይ ዘመን ሽኮር እቲ ዝኸበረን ሃላኺን መግቢ ምንባሩ ይንገር። በዚ ምኽንያት ድማ ዋጋኡ ካብ ጾባ ብ9 ዕጽፊ ይዛይድ ነይሩ።

## ሕቶ ሰደኩ

N.B ኣብዞን ሰለስተ ብሰለስተ ትርብዒት ንጋድም፡ ንትኽል ከምኡ'ውን ንሰያፍ 1-9 ቀጽሪታት ሓንሳብ ጥራይ ይጽሓፉ። ምድጋም ቀጽሪ ፍቑድ ኣይኮነን።
ኣዳላዊ፡ ሰለሙን ተኽለማርያም (ረጃ)

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | | | 5 | 4 | | | 8 |
| | 3 | | 7 | 6 | | | | |
| 2 | | | | | | 6 | | 7 |
| | 5 | | 8 | 1 | | | | |
| | 8 | | | | | 3 | | 5 |
| 9 | | | | 4 | 7 | | | |
| | | 7 | | | | | | 4 |
| | 1 | 9 | | 7 | | 8 | | |
| | | | 5 | | 5 | | | 6 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

HME Welder
Number required – (02)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

• Assist the senior maintenance supervisor to carry out planned repairs in a timely manner according to the weekly maintenance plan.
• Ensures the manufacturing, the maintenance and reparation of Fixed industrial machinery, material, and mobile equipment, following plans and estimates and work standards at the mine site.
• Ensure a clean, safe, and environmentally friendly workshop and surrounding areas.

General responsibilities:

• Follow direct instructions from both the junior and senior HME supervisors.
• Repair and maintain mining equipment at both the HME workshop, fixed plant, and field service maintenance department.
• Ensure maintenance works in compliance with norms and standards applicable in Eretria.
• Accomplish tasks with allotted time and in compliance with budget constraints.
• Working towards increasing equipment reliability as well as availability.
• Ensure continued operations of production shifts through execution of the production plan and schedules.
• Inspect assigned work units to ensure schedules and objectives are attained.
• Maintain his/her equipment clean as well as that of the site under his/her responsibility.
• Complete all necessary documents in relation with maintenance management system.
• Promote a safe work environment in compliance with enforced health and safety policies and practices and collaborate to improve them.
• Take all useful actions to avoid deterioration, break or damage of the Company's assets; provide a report to the immediate hierarchy.
• Identify and communicate opportunities to improve preventive and predictive maintenance procedures and methods.
• Prioritizes maintenance system and facility repair needs to minimize production downtime, while assuring safety, quality, and reliability.
• Respond to maintenance emergency conditions with the accurate mixture of skilled technicians to minimize downtime, planning major repairs and installations.
• Perform other duties as required.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• High school diploma or GED.
• Technical diploma or collage certificate.
Working Experience – Nature & Length
• 5+ years' experience in large open pit mine.
• Work closely with the HME senior supervisor to maintain all mining equipment to the best possible standards.
• Ability to be an active member of a multi-disciplinary team.
• The ability to communicate effectively within a team environment.
• A commitment of the safety to yourself and your team members.

Technical Skills
• Leadership skill in multi-disciplinary environment.
• Analytical skills
• Proficient in reading, writing, and communicating in English.
• Report Writing skills.
• Valid Driver's License.
• Deliver quality performance (meeting scheduled maintenance forecasts.

Behavioral Skills

• Get things done attitude.
• Safety leadership by example.
• Ability to work under pressure.
• Ability to work toward strict deadlines.
• Commitment to deliver on agreed targets.
• Results oriented.
• Ability to multitask.

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara and AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣብ ምም/ን/ዞ/ ማይ ዓይኒ ብስም ወ/ሮ ሰናይት ካሕሳይ ሓየሎም ብቑጽሪ ምርሒት መሬት 07714 ብመለለዪ/ቁ 6080801DA000418 ዝተወሃበ ናይ ሕርሻ ኮንቸሰዮን መሬት ናይ ምርሒት መሬት መረጋገጺ ምስ ካርትኡ ስለዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዚዎ ወይ ረኺቦ ዝብል እንተሎ፣ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07166816 (ሃብቶም) ኣልኩም ክትሕብሩኒ። እንተዘይ ኮይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ሰናይት ካሕሳይ
ወኪል ኣቶ ካሕሳይ ሓየሎም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Pump Mechanic
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- To support the junior and senior maintenance supervisor in the day to day running of the fixed and mobile mining equipment.
- To maintain and repair the dewatering equipment to an acceptable standard during the life of the mine.
- Carry out weekly inspections of the drilling equipment and write inspection reports as per the company protocol.
- Ensure the mining equipment meets the required operational availability.

General responsibilities:

- Follow direct instructions from both the junior and senior HME supervisors.
- Perform preventative maintenance on all dewatering pumps and related equipment.
- Repair and maintain water pumps & equipment at both the HME workshop and field service maintenance department.
- Capable of reading and disseminating information from schematics and maintenance manuals.
- Ability to order correct parts for procurement from the supply chain team.
- Ensure maintenance works in compliance with norms and standards applicable in Eretria.
- Accomplish tasks with allotted time and in compliance with budget constraints.
- Working towards increasing equipment reliability as well as availability.
- Inspect assigned work units to ensure schedules and objectives are attained.
- Maintain his/her equipment clean as well as that of the site under his/her responsibility.
- Complete all necessary documents in relation with maintenance management system.
- Promote a safe work environment in compliance with enforced health and safety policies and practices and collaborate to improve them.
- Take all useful actions to avoid deterioration, break, or damage of the Company's assets; provide a report to the immediate hierarchy.
- Identify and communicate opportunities to improve preventive and predictive maintenance procedures and methods.
- Prioritizes maintenance system and facility repair needs to minimize production downtime, while assuring safety, quality, and reliability.
- Respond to maintenance emergency conditions with the accurate mixture of skilled technicians to minimize downtime, planning major repairs and installations.
- Perform other duties as required.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- High school diploma or GED.
- Technical diploma or collage certificate.
- Trade certificate.

Working Experience – Nature & Length

- 2+ years' experience in large open pit mine.
- Experience with various types of dewatering pumps.
- Work closely with the HME senior supervisor to maintain all mining equipment to the best possible standards.
- Ability to be an active member of a multi-disciplinary team.
- The ability to communicate effectively within a team environment.
- A commitment of the safety to yourself and your team members.

Technical Skills

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Analytical skills
- Proficient in reading, writing, and communicating in English.
- Report Writing skills.
- Valid Driver's License.
- Deliver quality performance (meeting scheduled maintenance forecasts.

Behavioral Skills

- Get things done attitude.
- Safety leadership by example.
- Ability to work under pressure.
- Ability to work toward strict deadlines.
- Commitment to deliver on agreed targets.
- Results oriented.
- Ability to multitask.

General Information and other requirements:

☐ Place of Work: Asmara and AMSC sites
☐ Type of contract: Indefinite Period
☐ Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

☐ Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

☐ Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara

☐ Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

